## 9. ፍሉጥ ውጽኢት ዕድመኻ/ኺ ዘረጋግጽ እንተ ዘየሎ እንታይ ይግበር፧

ወላ ኲሉ መርመራ እንተ ተመርሚርካ/ኪ፣ ትሕቲ ዕድመ ምዃንካ/ኪ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ክረጋገጽ ኣይከኣልን ይኸውን። ኣብ መወዳእታ መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ ዘጠራጥር ኲይኑ፣ ከም ትሕቲ 18 ዕድመ ኢኻ/ኺ ትሕሰብ/ቢ። እቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ሓገዝ ክገበረልካ/ኪ እዩ።

## 10. እንታይ ክትገብር/ሪ ትኽእል/ሊ ቅድሚ ሕጂ ዕድመኻ/ኺ ገጋ እንተ ሓቢርካ/ኪ፧

ናይ ግድን ብቁልጡፋ ምስቲ ዝኣልየካ/ኪ ሰብ፡ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት፡ ሞግዚትካ/ኪ ክትዛራረብ/ቢ ኣለካ/ኪ። ሕጂ እቲ ተፈልጦ/ ጢዮ፡ ስቕ ኢልካ/ኪ ንገሮም/ርዮም። ዕድመኻ/ኺ ብሓዲሽ ክረጋገጽ እዩ፡ ኣድላይነት እንተ ኣለዎ፣ ሕክምናዊ መርመራ ኸኣ ክገበር እዩ።

## 11. ከመይ ገርካ/ኪ ነቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣብቲ ምርግጋጽ ዕድመ ክትሕግዞ/ዝዮ ትኽእል/ሊ፧

ነቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኲሉ ብዛዕባ ዕድመኻ/ኺ ዝምልከት፣ ዝሓለፈ ታሪሕ ሂወትካ/ኪ ግለጸሎም/ጽሎም ኢኻ/ኺ። ኲሉ ዘለካ/ኪ ወረቐትካ/ኪ ኣርኢዮም። ምስ ስድራኻ/ኺ ርክብ እንተ ኣለካ/ኪ፣ ዝያዳ ክሕብሩኻ/ኺ ሕተቶም/ትዮም ኢኻ/ኺ። ሓደ ሓደ ግዜ እቲ ስድራ-ቤት ሰነዳት ዕድመኻ/ኺ ዝምስክረልካ/ኪ ኣለዎም፣ ናብቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ክሰድድ ይከኣል እዩ።

## 12. እንታይ ክኻነፍ ይኽእል ዕድመኻ/ኺ ሓቢእካ/ኪ ሓቂ እንተ ዘይተዛረብካ/ኪ፧

ሓቂ እንተ ዘይተዛረብካ/ኪ፣ ሕጊ ጀርመን ጥሒስካ/ኪ ማለት እዩ። እቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣብ ቤት ፍርዲ ከመልከት ይኽእል እዩ። ምስኡ ድማ ኲሉ ገንዘብ ንዓኻ/ኺ ዝወጽኤ ክትመልሶ/ስዮ ክግድዱኻ/ኺ ይኽእሉ ኢዮም።

## 13. ማንም እንተ ዘይኣምነካ/ኪ መን ክሕግዘካ/ኪ ይኽእል፧

እቲ ውጽኢት ምርግጋጽ ዕድመ ገጋ እዩ፡ እንተ ሓሲብካ/ኪ፣ ናብ ጠበቓ ክትከይድ/ዲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ። ብተወሳኺ ምስ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ጸገም እንተ ኣለካ/ኪ፣ ናብቲ ቦታ ቈልዑን መንእሰያትን ክጠርዑ ዝኽእሉ ክትከይድ/ዲ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

### ዝምልከቶ ኣካል ኣብ ዞባ ራይንላንድ-ፋልጽ

ኣብ ኢንተርነት ዝርከብ፣ ንጹር ዝርዝር ቤት ጽሕፈታት መንእሰያት ኣብ ዞባ ራይንላንድ-ፋልጽ
https://lsjv.rlp.de/fileadmin/lsjv/Dateien/Aufgaben/Kinder_Jugend_Familie/Adressen/Jugendaemter_rlp.pdf

ቤት ጽሕፈት ጥርዓን ንቖልዑን መንእሰያትን
Kaiserstraße 32 | 55116 Mainz
Te lephone 06131 28999-51
or 0172 7178723 or WhatsApp
beschwerdestelle@diebuergerbeauftragte.rlp.de
www.diebuergerbeauftragte.rlp.de

Rheinland-Pfalz
LANDESAMT FÜR SOZIALES, JUGEND UND VERSORGUNG

ናይ ብቕዓት ማእከል ትሕቲ ዕድመን ንበይኖም ተሰደዱን ወጻእተኛ
Rheinallee 97-101
55118 Mainz
www.lsjv.rlp.de

እዚ ጽሑፍ ብመስከረም 2018 ተጻሒፉ

መረጋገጺ ስእሊ: © pict rider – Fotolia.com

Rheinland-Pfalz
LANDESAMT FÜR SOZIALES, JUGEND UND VERSORGUNG

# ዕድመኻ/ኺ ክንደይ እዩ?

ሓበሬታ ንምርግጋጽ ዕድመ ንትሕቲ ዕድመን ብዘይ ወለዶም ዝተጓዕዙን ወጻእተኛ ኣብ ዞባ ራይንላንድ-ፋልጽ

# እንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ኣብ ዞባ ራይንላንድ-ፋልጽ!

Hallo, أَلسَّلَامُ عَلَيْكُمْ, Maalin Wanaagsan, سلام, bonjour, ሰላም, welcome!

ናብ ሃገረ ጀርመን ብዘይ ወለድኻ/ኺ መጺኣካ/ኪ። ብሕጊ ጀርመን ኣቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ንቈልዑን መንእሰያትን ትሕቲ 18 ዕድመ ዝኾኑ፡ ንበይኖም ተሰደዱ፡ መእለዪ ቦታ ክረሕበሎም ኣለዎ። ብዙ መኸንያት ኣቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ብርግጽ ዕድመኻ/ኺ ክፈልጦ ኣለዎ። ግን ሓደ ሓደ ግዜ ቀሊል ኣይኮነን ክተረጋግጾ። ብዙ መኸንያት እዚ ኣቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ ክገብር ኣለዎ።

ብዛዕባ ዕድመኻ/ኺ ምርግጋጽ፣ ነቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ብዙሕ ሕቶ ክትሓትት/ቲ ትደሊ/ልዪ ትኸውን/ኒ። እዛ ጽሕፍቲ ትርጉም ዕድመ ምርግጋጽ ክትርድኦ/ኢዮ ክትሕግዘካ/ኪ ኢያ። መሰልካን/ክን ግቡኣካን/ክን ክግለጸልካ/ኪ እዩ፣ ኣገዳሲ ሕቶታት ከኣ መልሲ ክትረኽበሉ/ብሉ ኢኻ/ኺ።

### 1. ከመይ ገሩ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ዕድመኻ/ኺ የረጋግጾ፧

ሓቀኛ ታስረኻ/ኺ ወይ ወግዓዊ ወረቐትካ/ኪ ዕድመኻ/ኺ ተመዝጊቡ ዘሎ፣ ነቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ክተርኢ/ዪ ኣለካ/ኪ። ከምዚ ዓይነት ወረቐት እንተ ዘይብልካ/ኪ፣ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ምሳኻ/ኺ ዝርርብ ክካይድ እዩ። እዚ ዝርርብ ብቑዕ መርመራ ምግምጋም ብምርኣይ ይበሃል። ሓደ ሓደ ግዜ ትሕቲ 18 ዕድመ ምዃንካ/ኪ ክጠራጥር ይኽእል እዩ። ሽዑ ዕድመኻ/ኺ ብሕክምናዊ መገዲ ክምርመር ኣለዎ። ንስኻ/ኺ ወይ ወኪልካ/ኪ ክልተኹም ሕክምናዊ መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ ክትሓቱ ይከኣል እዩ።

ናይ ቋንቋ ሕጽረት እንተ ኣሎ፣ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ተርጓማይ ወይ ተርጓሚት ክጽውዕ ኣለዎ። ትኣምኖ/ና ሰብ፣ ብዛዕባ መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ ክትሕብር/ሪ ትኽእል/ሊ ኢኻ/ኺ።

### 2. ኣብቲ ዝርርብ ዕድመ ምርግጋጽ እንታይ ክትሕተት/ቲ ኢኻ/ኪ፧

ኣብቲ ዝርርብ፣ ዕድመኻ/ኺ ባዕልኻ/ኺ ትሕብር/ሪ ትኽእል ኢኻ/ኺ። ብዙሕ ሕቶታት ብዛዕባ ሂወትካ/ኪ፡ ንኣብነት ብዛዕባ ስድራኻ/ኺ፡ ቤት-ትምህርቲ፡ ዓድኻ/ኺ፡ መገዲ ንጀርመን ዝመጻእካሉ/ክሉ ክትሕተት ኢኻ/ኺ። ክልተ ክኢላታት ናይ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ክዛራርቡኻ/ኺ ኢዮም፡ ኣቲ ዝበልካዮ/ክዮ ክምርምሩዎ ኢዮም። ብተወሳኺ መልክዕካ/ኪ ምስቲ ዕድመኻ/ኺ ይኸይድ ድዩ ኢሎም ክምርምሩ ኢዮም። ምስኡ ድማ ኣቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ዕድመኻ/ኺ ከረጋግጽ፣ ተወሳኺ ምስክር ክጥቀም ይኽእል እዩ። ኣብቲ ዝርርብ ግድን ኣስፈሖም መሰልካ/ኪ ክገልጹልካ/ኪ ኣለዎም።

### 3. ኣገባብ ሕክምናዊ መርመራ ከመይ እዩ፧

ኣብ መጀመርያ ሓኪም ኣካላትካ/ኪ ምዕባይካ/ኪ ይምርመር፣ ምስኡ ድማ ፍሉጥ ምልከት ናይ ዕድመ ከም ዘለካ/ኪ ይረጋግጽ። ብድሕሪኡ ኣዕጽምቲ ናይ ኢድ፡ ሓለቐምቲ፡ ስኒ ራጂ ተገሩ፣ ስእሊ ይምርመር።

### 4. ሕክምናዊ መርመራ ግድን ክትገበሮ/ሪዮ ኣለካ/ኪ፧

ሕክምናዊ መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ ናይ ግድን ክትገበር/ሪ ኣለካ/ኪ። ብሕጊ ጀርመን ክትትሓባበር/ሪ ግቡኣካ/ኪ እዩ። ኣቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ብዛዕባ ኣገባብ መርመራ፣ ከጋጠም ዝኽእል ሳዕበናት ኣስፊሑ ክሕብር ኣለዎ። መርመራ ምግባር እንተ ኣቢኻ/ኺ፣ ኣቲ ቤት-ጽሕፈት መንእሰያት ብድሕሪኡ እንታይ ከም ዝኣነፍ ክገልጽ ኣለዎ። ኣቲ ሕክመናዊ መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ፣ ብድለትካንን/ክንን ፍቓድ ወኪልካን/ክን እዩ ጥራሕ ክግበር ዝከኣል።

### 5. ቈጸራ ናይቲ ሕክምናዊ መርመራ ዕድመ ምርግጋጽ እንተ ሂቦሙኻ/ኺ፡ እንታይ ክትገብር/ሪ ኣለካ/ኪ፧

ግድን ኣቲ ቈጸራን ሰዓቱን ክተኸብሮ/ርዮ ኣለካ/ኪ። እዚ ቈጸራ ሕክምናዊ መርመራ ንዓኻ/ኺ ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ። ኣቲ ቈጸራ እንተ ዘይኣኽበርካዮ/ኪዮ፣ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣቲ ሓገዝ ክቋርጾ ይኽእል እዩ።

### 6. ክትምርመር/ሪ እንተ ኣቢኻ/ኺ እንታይ ክኣነፍ ይኽእል፧

ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣቲ ሓገዝ ክቋርጾ ይኽእል እዩ። ምናልባት ናብ መዐቈቢ ገዛ ንልዕሊ ዕድመ ዝኾነ፣ ክትቕይር/ሪ ኣለካ/ኪ። እንተ ደኣ ኣብ ውሽጢ ግቡእ ግዜ ክትምርመር/ሪ ፍቓደኛ ኰንካ/ኪ፣ ኣቲ ሓገዝ ናይ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ስጋብ ውጽኢት ዝፍለጥ ክቕጽል እዩ።

### 7. ትሕቲ 18 ዕድመ እንተ ኰንካ/ኪ እንታይ ይግበር፧

ትሕቲ 18 ዕድመ እንተ ኰንካ/ኪ፣ ኣቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት መእለዪ ገዛ ረኺቡልካ/ኪ ክኣልየካን/ኪን ክናብየካን/ኪን እዩ። ኣብ ሓደ ገዛ ንኣብነት ሚስ ካልኦት ቈልዑን መንእሰያትን ክትቕመጥ/ጢ ይከኣል እዩ። ሕቶታት እንተ ኣለካ/ኪ፣ ምስቲ ቤት ጽሕፈት ምንእሰያትን ሞግዚትካንን/ክንን ክትዛራረብ/ቢ ትኽእል ኢኻ/ኺ።

### 8. ልዕሊ 18 ዓመት እንተ ኰንካ/ኪ እንታይ ይግበር፧

ኣቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ጽሑፍ ሓገዝ ከም ዝጭርስ ይሰደልካ/ኪ እዩ። እንተኾነ ግን ኣድላይነት እንተ ኣሎ፡ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ማሕበራዊ ሓገዝ ንመንእሰያት ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ፣ ክገብሩልካ/ኪ ይከኣል እዩ። እዚ ሓገዝ ንመንእሰያት ልዕሊ ዕድመ፣ ኣብቲ ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ክትሓትት/ቲ ኣለካ/ኪ። ቤት ጽሕፈት መንእሰያት ኣብዚ ክመኽረካን/ክን ክሕግዘካን/ክን ይኽእል እዩ።